ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንኣብያተ ፅሕፈታት ከተማ መቐለ ግልጋሎታት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ሞተር ሳይክል ፅገና ፈርኒቸር ፅገና ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲርና ናይ ዓመት ውዕሊ ኣሲሩ ፅገና ክፅግን ስለ ዝደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ነሓሰ 27, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 7, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 7, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ፅገና ሞተርሳይክል/ ፅገና ገዛ ኣቁሑት፡ በርን መስኮት/

ዕለት (Date) 27 /2/ 2016 ዓ/ም

(Ref. No) 1/48 013155/48

ምልክታ ጨረታ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንኣብያተ ፅሕፈታት ከተማ መቐለ ግልጋሎታት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ሞተር ሳይክል ፅገና ፈርኒቸር ፅገና ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲርና ናይ ዓመት ውዕሊ ኣሲሩ ፅገና ክፅግን ስለ ዝደሊ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ እትደልዩ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈትና ብምውሳድ ንኽትወዳደሩ ንዕድም ።

ተደለይቲ ረቓሒታት

1. ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ፣ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ፣ ናይ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬት ናይ ቀረባ ወርሒ ቫት ዲክሌሬሽን ዘለዎምን ከቅርቡ ዝኽእሉን ።

2. መኽበሪ ጨረታ ንሞተር ሳይክል ፅገና ብር 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ፈርኒቸር ፅገና 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ(cpo) ወይ ብጥረ-ገንዘብ ወይ ድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ብቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቀለ ስም ከትሕዙ ዝኽእሉ ።

3. ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወፅአሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምልስ 200 (ክልተ ሚኢቲ ብር) ብምኽፋል ምውሳድ ይከኣል ።

4. ተጫረቲ መጫረቲ ሰነዶም ሓደ ኦርጅናል ምስ ሓደ ቅዳሕ በበይኑ ብምዕሻግ ከቅርቡ ኣለዎም ።

5. ጨረታ ካብ ዕለት ዕለት 27/12/2016 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 07/01/2017 ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ በዚ ዕለት ሰዓት 3:30 ተዓዕዩ ሰዓት 4:00 ይኽፈት።

6. ጨረታ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ክፍሊ ቁፅሪ 034 ይኽፈት ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7. ተጫረቲ ኣብ ሕድሕድ ናይ ጨረታ ሰነድ ናይ ድርጅት ማህተም ናይ ዝምልከቶ ኣካል ፌርማን ከዕርፍሉ ይግባእ ።

8. ኣብ ከይዲ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተጫረቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ከም ዝኾኑን ንቀፃሊ ውን ኣብ ናይ ዕደጋ መንግስቲ ከይሳተፉ ከምዝግበርን ካልኦት ኣድለይቲ ስጉምቲታት ምውሳድ ከምዝከኣል ክፈልጡ ይግባእ ። 9.ቤት ፅሕፈትና ድሕሪ ጨረታ ምኽፋቱ 20% ናይ ምውሳኽን ምቅናስን መሰል ኣለዎ ።

10. ዝሓሸ መማረፂ እንተተረኹቡ ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

11. ኣድራሻና ኣግኣዚ ኦፕሬሽን ህንፃ ጥቃ እንዳ ማርያም ጉግሳ ቤተክርስትያን ንርከብ ።

12. ንዝበለፀ መብርሂ ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ቀሪብካ ምሕታት ይከኣል ።

13. እዚ ጨረታ ብድምር ዋጋ ዝግበር ውድድር ኮይኑ ኣብ ዝርዝር ዋጋ ክፍቲ ዝገበረ ካብ ጨረታ ወፃኢ ዝግበር ይከውን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle